# ኢሳይያስ 45

5-6 እግዚኣብሄር ኣነ እየ፡ ካልእ የልቦን፡ ብጀካይ ኣምላኽ የልቦን፡ ካብ ምብራቕ ጸሓይ ክሳዕ ምዕራብ ብጀካይ ካልእ ከም
ዜልቦ ምእንቲ ኽፈልጡስ፡ ከይፈለጥካኒ እኳ ኣዕጠቕኩኻ። ኣነ እግዚኣብሄር እየ፡ ካልእውን ከቶ የልቦን።

7 ብርሃን እገብር፡ ጸልማት ከኣ እፈጥር፡ ደሓን እገብር፡ መዓት ድማ እፈጥር፡ እዚ ዅሉ ዝገብር ኣነ እግዚኣብሄር እየ።

8 ኣቱም ሰማያት፡ ካብ ላዕሊ ኣንጠብጥቡ፡ ደበናታት ከኣ ጽድቂ የዝንሙ። ምድሪ ትጨንዳሕ እሞ ምድሓን የፍርዩ፡
ጽድቂውን ኣሕቢራ ተብቍል። እዚ ዝፈጠርኩ ኣነ እግዚኣብሄር እየ።

9 እቲ ምስ ፈጣሪኡ ዚካታዕ ወይለኡ፡ ንሱ ገልዒ ኣብ ማእከል ኣጋልዕ መሬት እዩ። መሬትዶ ንሰራሒኣ፡ እንታይ ትገብር፡
ትብሎ እያ? ግብርኻዶ፡ ኣእዳው የብሉን፡ ይብል እዩ?

10 እቲ ነቦ፡ እንታይ ትወልድ ንስኻ? ንሰበይቲ ኸኣ፡ እንታይ ጽዒርኪ ትወልዲ? ዚብል ወይለኡ።

11 እግዚኣብሄር፡ እቲ ናይ እስራኤል ቅዱስን ፈጣሪኡን፡ ከምዚ ይብል፡ ብናይ እቲ ዚመጽእ ሕተቱኒ፡ ብዛዕባ ደቀይን ግብሪ
ኢደይን ኣዝዙኒ።

12 ንምድሪ ዝገበርኩ፡ ኣብኣ ዘሎ ሰብ ከኣ ዝፈጠርኩ ኣነ እየ፡ ንሰማያት ዝዘርግሓ ድማ ኣእዳወይ እየን፡ ንዅሎም
ሰራዊቶምውን ኣዘዝኩ።

# 1ይ ቆሮንቶስ 1

18-19 ጥበብ ጠቢባን ከጥፍእ እየ፡ ምስትውዓል እቶም ኣስተውዓልቲውን ከፍርስ እየ፡ ዚብል ጽሑፍ እዩ እሞ፡ ቃል
መስቀል ነቶም ዚጠፍኡ ዕሽነት እዩ፡ ንዓና ንንድሕን ግና ሓይሊ ኣምላኽ እዩ።

20 ጥበበኛ ኣበይ ኣሎ፧ ምሁር ጽሑፋትሲ ኣበይ ኣሎ፧ መርማሪ እዛ ዓለም እዚኣኸ ኣበይ ኣሎ፧ ኣምላኽ ንጥበብ እዛ
ዓለም እዚኣዶ ዕሽነት ኣይገበሮን እዩ፧

21 ስለዚ ዓለም ብጥበባ ንኣምላኽ ብጥበብ ኣምላኽ ገይራ ኻብ ዘይፈለጠቶ፡ ኣምላኽ ነቶም ዚኣምኑ ብናይ ስብከት
ዕሽነት ገይሩ ኺድሕኖም ፈቐደ።

22 ኣይሁድ ምልክታት ይልምኑ፡ ጽርኣውያን ድማ ጥበብ ይደልዩ፡

23 ንሕና ግና ነቲ ንኣይሁድን መዓንቀፊ፡ ነህዛብን ዕሽነት ዝኾነ እተሰቕለ ክርስቶስ ንሰብኽ ኣሎና።

24 ንሱ ነቶም ጽዉዓት፡ ንኣይሁድ ኰነ፡ ንጽርኣውያን ኰነ፡ ክርስቶስ፡ እቲ ሓይሊ ኣምላኽን ጥበብ ኣምላኽን እዩ።

25 ካብ ሰብሲ ዕሽነት ኣምላኽ ይጠብብ፡ ካብ ሰብ ከኣ ድኻም ኣምላኽ ይብርትዕ።

# ማርቆስ 4

26 በለውን፡ መንግስቲ ኣምላኽ ዘርኢ ኣብ ምድሪ ኸም ዚዘርእ ሰብኣይ እያ።

27 ንሱ ለይትን ምዓልትን ይድቅስን ይትንስእን። እቲ ዘርኢ ድማ፡ ንሱ ኸይፈለጠ፡ ይበቍል ይዓቢውን።

28 እታ ምድሪ ባዕላ ትፈሪ፡ ቅድም ጨማ ብቝሊ፡ ደሓር ሰዊት፡ ኣብቲ ሰዊት ድማ ብጹሕ ስርናይ።

29 ምስ በጽሔ፡ ቀውዒ ኣትዩ እዩ እሞ፡ ማዕጺዱ ይሰድድ።

30 በለ ድማ፡ ንመንግስቲ ኣምላኽ ብምንታይ ክንምስላ፧ ወይስ እንታይ ምስላኡ ኽንገብረላ ኢና፧

31 ኣብ ምድሪ ኽም እተዘርኤት እሞ ካብ ኵሉ ዘርኢ እትንእስ ፍረ ኣድሪ እያ።

32 ምስ ተዘርኤት ከኣ፡ ትበቍል፡ ካብ ኵሉ ኣሕምልቲውን ትዓቢ። ኣዕዋፍ ሰማይ ኣብ ጽላላ ምስራሕ እንዳኤን ክሳዕ
ዚኽእላ ኸኣ፡ ዓበይቲ ጨነፍር ትገብር።